# ግደ በርጌሳዊ ማሕበር ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔ ?

## ቀዳማይ ክፋል

በርጌሳዊ ወይ ሲቪላዊ ማሕበራት ኣብ ሓደ ሕብረተ ሰብ ዘለዎ ግደ ብቀሊሉ ዘይረአ ዓብይ ኣበርክቶ እዩ። ሲቪላዊ ማሕበራት ካብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ብምግላል ንህዝቢ ኣብ እቲ ቀንድን ኣገዳስን መሰል ናይ ምሕታት፡ ሙሉእነት ሓርነት ናይ ምርግጋጽ ምልዕዓላት የካይድ። ሲቪላዊ ማሕበር ካብ ፖለቲካዊ ነጻ ዘግብሮ ምኽንያት ድማ ኣብ'ቲ ዘልዕሎ ህዝባዊ፡ ሰብኣዊ ሕቶታት ጸጊዕነት ፖለቲካ፡ ጸጊዕነት ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዘይምዃኑ ኣብ ቅድሚ ህዝብን ኣብ ቅድሚ ሕግን ግሉጽ ንምግባር እዩ።

እቲ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓትን፡ መግዛእታዊ ጭቆና ዝመሓደር ህዝቢ ድማ ካብ'ቲ ዘለዎ ምዝመዛን፡ ኣደራዕ መግዛእን፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ንኽገላገል ዘልዕለኦ ሕቶ'ምበር ከም መተካእታ ህሉው መሳኺ ስርዓትን፡ ግዝኣትን ኣይኮናን።

እዚ ስለ ዝኾነ 'ዩ እምበኣር ሲቪላውያን ማሕበራት ካብ'ቲ ቀንድን ብቀዳምነትን ኣብ ዓድ ሕገን ዘስፍርኦ ዓንቐጻት ካብ ሃይማኖታውን ፖለቲካውን ወገንን ጸጊዕነትን ዝምባለን ነጻ ምዃነን ዝእውጃ።

ድሕሪ'ዚ ዓብይን ኣገዳስን ህዝባውን፡ ዘይሻራውን ዝኾነ ዓላማታት ብውሳኔ ምሕላፍን ምጽዳቕን፡ ብኡ መስረት ከኣ እቲ ማሕበራዊ ምንቕስቓሳት ኣብ ምትላም ይብጻሕ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጥቀስ ጉዳያት ነቲ ሲቪላዊ ማሕበር ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔ ሃገር ዘለዎ ግደ ዝተሓጻረን፡ ዝተገደበን ምዃኑ ብሩህ እዩ። በዚ መሰረት ድማ እቲ ማሕበር ካብ'ቲ መስመሩ ወጺኡ ናይ ዝኾነ ይኹን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውሳኔ ከሕልፍን ከጽድቕን ኣይክእል እዩ።

ሓደ ሲቪላዊ ማሕበር ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳይ ኢዱ ዘእቱን ክሳብ ኣብ ውሳኔታት ዝመጣጠርን፡ ነቲ ፖለቲካዊ ውሳኔ ድማ ህዝቢ ግድነት ክትግብሮን ኣለዎ ኣብ ዝብል እንተበጺሑ፡ ካብ ሲቪላዊ ማሕበር ሓሊፉ ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ሰልፊ ከም ዝተሰኸዐን፡ ናይ ፖለቲካዊ ውሳኔታቱ ከተግብረሉ ዝኽእል ሜላ ምንዳይ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን፡ ኣቲ ሲቪላዊ መለልይኡ ከም ዝሰረዞ ኣረጋጊጹ ማለት እዩ።

ሓያል ሲቪላዊ ማሕበር ግን ብዘለዎ ናይ ምውዳብ ስፍሓትን፡ ንጥፈታትን ንገገለ ዝምድናታትን፡ ንፖለቲዊ ውሳኔታት መንግስቲ፡ ሰልፊ፡ ውድባት፡ ማሕበራት ዓብይ ጽልዋን

መንጸብረቕታን ብምግባር ናይ'ቲ ዝኸዶ ዘሎ ጉዕዞ ርእዩን ንጹርን ክግበር ተክእሎን ዕድላትን ኣሎ።

እዚ ዝኾነሉ መንገዲ ድማ ሓደ መደብ፡ ደረጃ፡ ወይ መድረኽ ሲቪላዊ ማሕበር ብግሉጽ፡ ብምንጻር ካበይ ናበይ ከም ዝኃዕዝን፡ ዘልዕሎም ሕቶታት ድማ ምስ'ቶም ዝሻረኹም ፖለቲካውያን ውድባት ማለት፡ ነቲ ሲቪላዊ ማሕበራት ዘልዕሎ ሲቪላዊ ሕቶታት ከዕውተሉ ዝኽእል ብምቕራብ እዩ።

እቲ ግደን ተራን ሲቪላዊ ማሕበራት ድማ ኣብ'ዚ መዳይ ጎሊሑን ነጺሩን ይረአ። ነቲ ፖለቲካዊ ውድባት ድማ ምንጪ ስርርዓትን፡ ድማጺ ህዝብን ብሓፊሽኡ ነቲ ህዝባዊ ሓርነታዊ ሕቶታት ዘለዓዕል ባይታ ይኾነሉ።

ሲቪላዊ ማሕበር ንሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ኣብ'ዝን እትን ሕቶታት፡ ኣብ መገጽዛትን ዓበይቲ ፖለቲካዊ ውሳኔታት፡ ኘክንጸረሉ ክሓትት ይኽእል፡ ከመይነት ውሳኔ ክሓትት ይኽእል፡ ካብኡ ሓሊፉ ግን ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔ ሃገርን ህዝብን ክሳተፍን ክሕንጽጽን ክውስንን ኣይኽእልን እዩ።

እዚ ፍልስፍና ሲቪላዊ ማሕበራት ቅድም ዘየተራእየ ሕጂ ክረአ ኣይኽእልን እዩ። ግን ሓያል ሲቪላዊ ማሕበር ማዕረ ማዕረ ሓደ ሓደ ፖለቲካውያን ውድባት ክኃዕዘሉ ዝኽእል መድረኻት ክረአ ዝኽእለሉ እዋን፡ ፖለቲካውያን ውድባት ኣብ ዝደኸማሉን ወይ ህዝቢ እማነት ፖለቲካውያን ውድባት ኣብ ዝጎሞረሉን፡ ሕቶታቱ ኘክመዝግብ ሲቪላዊ ማሕበራት ክዕብን ክስዕበን ይረአ።

እዚ ማለት ግን ጌጋ ኣይኮነን። ሲቪላዊ ማሕበር ሓደ ሂወት ዘለዎ እንተኾይኑ ነቲ ድኽመት ፖለቲካውያን ውድባት ንቅድሚት ክደፍእን ከበራብርን ንስለ ዝኾነ።

ኣብነት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ክንወስድ ኘክእል።

ድሕሪ 18 መስከረም 2001 ኣብ ኤርትራ ካብ'ቲ ኣብ ዓለም ንመጀመሪያ ግዜ ክሲ ብዘይብሉ ብፍሉይ ፍርዲ ማእሰርቲ ዝተበየነሎም ሃገራውያን፡ ኣብ ዝተራእየሉ ብዘይምግናን፡ ኣብ ሙሉእ ዓለም ሲቪላዊ ማሕበራት ብብዝሒ ክቆም ተራእየ።

ግርም፡ እዚ ብዝሒ ምምስራት ሲቪላዊ ማሕበራት ነቲ ብፖለቲካውያን ውድባት ኸህተት ዝጸንሐ ወላ ካብ ዝተፈላልየ ፖለቲካዊ ድሕረ ባይታ እንተመጸ ከይዱ ከይዱ ፡መሰል ህዝቢ መርትየ ኘክረክብን ከም ሓድሽ ሓይሊ ንምብርባሩ ዝተላዕለ'ምበር ዘየነበረ መሰል ሕቶ፡ መሰል ሰብኣዊ ክብሪ ንምምጻእ ኣይኮነን።

እዚ ምንቅስቓሳት ድማ ሓያል ማዕበል ስለ ዝነበሮ ፖለቲካውያን ውድባት ዝግበኦ ክብሪ ሂበንኦን ሕቶታቱ ክሰምዓ ተዳልየንን ተጸቢየን እካ እንተነበራ፡ ዘየተሓስበን ሃንደበታውን፡ ሲቪላዊ ማሕበራት ኣብ ክንዲ ነቲ ዝጀመሮ መስርሕ ምንጻር ፖለቲካዊ ውድባት ኣብ ልዕሊ መሰል ህዝቢ ዝኸውን፡ ሲቪል ማሕበራት ህዝቢ ክምርሓሉ ዘለዎ ጎደናታትን፡ ባዕሉ ክውስን ጀመረ። ኣብ መድረኽ ድማ ደየበ፡ ነተን ፖለቲካውያን ውድባት ስርሓተን ኣሕደገን።

ካብ'ቲ ህዝቢ ናይም ምዕዓል መድረካት ተሓሊፉ፡ ንውድባት ኣብ ክንዲ ምስናኽን፡ እንካን ሃባን ኣብ ክንዲ ዝምዕብል፡ ብኣቋራጭ ምስ ዝመስለካ ውድባት ምትሕብባርን፡ ምድጋፍን ተርእየ፡ ገገለ ውድባት ድማ መስርሕን ኣካይዳ ሲቪላውያን ማሕበራት ክገልጻሉ ኣብ ዘይኽእላ ደረጃ በጽሓ።

ሲቪላዊ ማሕበራት በቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኤርትራዊ ተምክሮ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ህዝቢ ኣብ ምውዳብ ዝሰርሖ ታሪኽ ተጠንቒቑ ክሕዞ ብዘይምኽኣሉ ኣብ ብዙሕ ክምልሶ ዘይከኣለ ሕቶታት ወዲቑ እዩ።

ነቲ ህዝቢ ብሃንቀውታ ዝተጸበዮ ምድላው ሃገራዊ ዋዕላ ይኹን ሃገራዊ ዕርቒ ውድባት ኣብ ክንዲ ምድላው ድማ ኣባላት ሲቪላዊ ማሕበራት ነናብ ዝውክሎም ፖለቲካዊ መስርዕ ተሰለፉ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ከረደኣናን ከንብርሃልናን ዝኽእል፡ ሓደን ቀዳማይን ሲቪላዊ ማሕበራት ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውሳኔ ኣብ ምውሳንን ምጽዳቕን ተራ ግደን ዘይብሉ ምዃኑ እዩ።

እዚ ተራን ግደን ፖለቲካዊ ውሳኔ ነይርዎ እንተዝኸውን እቲ ድሮ ተመስሪቱ ሲቪላዊ ማሕበር ብሃገር ደረጃ ዝተጠርነፈ ሓይልን ማዕበልን ንውድባት ኣብ ክንዲ ንሃገራዊ ዋዕላ ወይ ሃገራዊ ዕ ርቒ ዝጽውዕ ባዕሉ ክሳብ መንግስቲ ክእውጅ ዝኽእለሉ ደረጃ ክበጽሓሉ ዝኽእል ዝነበረ እዩ።

ሎሚ ብዝፈጸሞም ጌጋታት ተሰልቢጡ ንፖለቲካውያን ውድባት ንዘይምድጋፍ ዘሕልፎ ውሳኔ ከም ሓድሽ ባዕሉ ፖኣቲካውያን ውድባት ንምፍጣር ወይ ድማ ባዕሉ ሲቪላዊ ማሕበር ከም ፖለቲካዊ ውድብ ኮይኑ ኻኽሰርሕ ዝተቐረበ ይመስል።

ሲቪላዊ ማሕበር ብዘይፖለቲካውይን ውድባት ንበይኑ ከድምዕን ክሰርሕን ኣይኽእልን እዩ። ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝወሰዶ ውሳኔታት ዳግማይ ርእይቶ ገቢሩ ምስ'ተ ንሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ኽዕውታ ይኽእላ እየን ዝብለን ውድባት ብዘይተጕላብነትን ምስምስን ደገፉቱ ክርእን፡ ሓገዛቱ ከውሕዝን ድልውነቱ ቅርቡነቱ ከረጋግጽን'ዩ ዝግባእ፡ ኣብ ጸላምት ኮይንካ ንፖለቲካውያን ውድባት ምንእእስብ ጽራፍን፡ ወይ ድማ ናይ ስቕ መርገጽ ብምውሳድ ነቲ ዝተፈላልያ ውድባት ኣብ ሕቶ

ሰብኣዊ መሰልን ክብሪ ሃገራውያን ዘካይደኦ ዘልዋ ቃልስን፡ ዝወሰድኦ ዘለዋ ኣገባብ ቃልስን፡ ውሳኔታትን ትብ ቢልካ ምርኣይን፡ ንባዕሉ ነፍሰ ቕተለት ምኻኑ ክርደኣን ይግባእ።

ስለ'ዚ ሰቪላዊ ማሕበር ኣብ ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ቦታ ብግቡእ ብምፍላጥን ብምልልያን፡ ማእከላውያን መተከላውያን ማሕዙት ውድባት ከናድን፡ ሻራ ዘይብሉ ሕቶ ከልዕልን፡ ዳግማይ ንውድባት ኣብ መጻኢ ህዝባዊ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ምትካል ዘለወን መርገጽ ክንጸረለንን ክበርሃለንን፡ ንህዝቢ ድማ ክበርሃሉን ክንጸረሉን ብምሕታት እዋኑ እዩ።

ኣብ'ዚ ድማ ኣብ መንጎ ግደታት ሰቪላዊ ማሕበራትን፡ ፖለቲካውያን ውድባት ብዝተነጸረ ግን ከኣ ናይ ምትሕግጋዝ መድረካት ዘለዎ ንቃልሲ ንቅድሚት ከወንጭፍ ዝኽእል ዓቕምን ክእለትን ዝፈጥረሉ ሃዋሁ፡ ዕብሪ ምልኪ እብ ኤርትራ ብሰላም ዝዓርፈሉ ክናደ ይግባእ።

14 ጥቅምቲ 2004

ኣንቶንዮ ተስፋይ